TIGRIGNA

the women's
the royal women's hospital
victoria australia

# ንደቒኣንስትዮ ምክንሻብ: ብዛዕባ ኣከፋፍታ ኣሰራርሓ መረዳእታ

## ቅድሚ ሕጂ ተከንሽፍክን እንተኔሩ ካልኣይ ክተኽፍታ ከድልየኽን እንከሎ:

- ቅድሚ ምጥናስኽን, ወይካዓ
- እቲ ጥንሲ እንዳሃለወ, ወይካዓ
- ክትወልዳ እንከለኽን, ወይካዓ
- ኣብ ሕይወት እንዳሃለኽን ብካልእ ግዘ ይኽውን።

ኣብዚ እዋን ጥንሲቲ እንትሖይንክን ካብ 20 ክሳብ 30 ሰሙናት ብዘሎ ግዘ ውሽጢ ወይካዓ ክትወልዳ እንከለኽን ምእንታን እቲ ክወጽእ መንገዲ ክኾኖ ክተኽፍትኦ ትኽእላ።

ኣብ ኣውስትራሊያ ድሕሪ ምውላድ ካልኣይ ክተስፍዮ ብሕጊ ኣይፍቀድን እዩ። ምስ ዝክናኽነኽን ሓኪም፣ መሕረሲት ወይካዓ ምስ ናይ ኣፍሪካ ደቂኣንስትዮ ሠራተሕተኛ (FARREP) ክትዘራረባሉ ይግባእ።

ብዛዕባ እቲ ኣሰራርሓን መጥባሕታዊ ኩነታ ምስ ሓኪም ክትዘራርባ ግዘ ክወስድ ስለዝኽእል፣ ብዝትኻኣለ ቐልጢፍክን ብዛዕባ'ዚ ጉዳይ ንሓኪምክን ወይካዓ ንመሕረሲት ምዝራብ የድሊ እዩ።

እዚ መጥባሕቲ ኣብ ኣስቤዳለ ውሽጢ ብእዋን ቐትሪ ክግበር እንከሎ እዚ'ውን ነቲ ዝተገብረ ምክንሻብ/ግርዛት ናብ ቐደሙ ንምምላስ ሓፈሻዊ ዝኾነ መደንዘዚ/ anesthesia ፈውሲ ይግበር እዩ። እቲ መጥባሕቲ ክውዳእ እንከሎ ኣብ ሓደ መዓልቲ ውሽጢ ናብ ገዛኽን ምኻድ ትኽእላ።

ነቲ ቑስሊ ንምክንኻን ናይቲ ርሕሚ ከባቢ ጽሬት ዘካተተ ክኸውን እንከሎ ከም ኣድላይነቱ ፈውሲ ቃንዛ ምውሳድ እዩ። ክሳብ ትድሕና መብዛሕቱ ግዘ ካብ 2 ክሳብ 3 መዓልታት ኣብግዛኽን እርፍቲ ምግባር ኣለኽን።

## ናይ ስብነት ለውጢታት ዘጠቓልሎ:

- ሽንቲ ማይ ቐልጢፉ ምምጻእ፣ ክትሸና ከቢድን ድምጺ ምሃብ
- ቐልጢፉ ናይ ጽግያት ምፍሳስ፤ ክብድ ዝበለ ክብድ ዝበለ ክኸውን እንከሎ ብመጠኑ ቃንዛን ናይ ደም ምርጋዕ ክነብር ይኽ እል
- ግፍሕ ስለዝብል ኣብ ርክበ ስጋዊ ቃንዛ ቅልል ዝበለን ስሚዒት ዝተዳኸመ ይኽውን

## ድሕሪ መጥባሕቲ ሓገዝ:

ብዛዕባ ነዳልዎ ኣገልግሎት ማለት ትራንስፖርት፣ ናይ ሕጻን ምክንኻን፣ ኣስተርጓማይን ክሳብ ትድሕና ኣብገዛኽን ክንሕግዝ ስለንኽእል እሞ እቲ ናይ መጥባሕቲ ሥራሕ ቐድሚ ምጅማሩ ንሠራሕተኛ ምሕታት ትኽእላ ኢኽን።

## ብዛዕባ ኣከፋፍታ ዝምልከት ንምዝርራብ ቆፀሮ ክተዳልያ እንተደሊኽን:

ጥንስቲ እንተኾይንክን እሞ ብናይ ሮያል ደቂኣንስትዮ ኣስቤዳለ ሓኪም ወይካዓ መሕረሲት ነርሲ ትርኣያ እንትኾይንክን ኣብዝቅጽል ቆጸሮ ክትዛረባ ትኽእላ።

ጥንስቲ እንተዘይኾይንክን ንተመላላሲ ተሓካሚ ክሊኒክ ምድዋል ትኽእላ እሞ ንነርሲ/መሕረሲት ብስልኪ 8345 3032 ደዊልክን ክተዘራርባ ይኻኣል።

## ብዝበለፀ መረዳእታ እንተደሊኽን በዚ ዝስዕብ ሓዲኡ ምሕታት:

Outpatient midwife – 8345 3032

African Women's worker (FARREP) – 8345 3058

Women's Health Information Centre – 8345 3045

ናይ ከባቢኩም ሓኪም (GP)